ክቡር አይተ ፀጋይ በርሀ

ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ህዝቢ ትግራይ ንዙር ራእይ ሒዙ፣ ግልፂ ዕላማታት ሓንጊፁ፣ ጠንካራ ውዳበታት ፈጢሩ፣ ፅኑዕ አመራርሓ ወኒኑ፣ ብፅንዓት ተቓሊሱ፣ ምስ አሓት ህዝብታት ኢትዮጵያ ብምኳን ደርጊ ደምሲሱ እነሆ ናብ ልምዓት ገዙ ጌሩ ድኽነት ንምውጋድ ለይትን ቀትርን ኣብ ምስራሕ ይርከብ ኣሎ። ህዝብና ካብ ማንም እዋን ንላዕሊ ተፈጥራዊ ሃፍትታትና ብምዕቃብን ብምልማዕን ማእቶቱ ኣብ ምድንፋዕ ይርከብ ኣሎ። መነባብሮ ሕ/ሰብና ድማ ምምሕያሽ እንዳርእዩ ይመፅእ ኣሎ። እዚ ብዝያዳ ናብ ዝለዓለን ዘተኣማምነን ደረጃ ብቕፃልነት ብምብፃሕ ድኽነት ክነጥፈኦ ይግባእ። እዚ ንምግባር ኩሉ ሕዝቢ ተሰብ ብፍላይ ድማ መናእሰይ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ትዕዚት ይግበር። ኩሳትና ክምእንፈልጦ ብዘይ ትምህርቲ ልምዓት፣ ምዕባለ ምምፃእ፣ ህንፀት ዲሞክራስን ምንጋስ ሰናይ ምምሕዳርን ምርግጋፅ ኣይክኣልን። ብምኳኑ'ውን እዩ ንትምህርቲ ልዕሊ ኩሉ ቀዳምነት ዝሃብናዮ ኣብ ክልልና ትግራይ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዘኽርዕ ስራሕ ተሰሪሑ እዩ። ኣብ ክልልና ይኹን ሃገርና ዩኒቨርሲቲታት ብምስፍሕፋሕ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝግመት መንእሰይ ኣብ ምምሃር ይርከብ ኣሎ። ናይ'ዚ ከምዚ ዝበለ ለውጢ ፍርያት ዝኸንኩም ዕውታት ተመረቕቲ መናእሰይ ተጋሩ ንዓመታት ትምህርትኹም ክትክታተሉ ድሕሪ ምዕናሕ እንሆ ተመሪቕኩም መንግስቲ ኣብ ዝፈጠሮ ጥሩዕ ልምዓታዊ ባይታ ተሳትፍትን ንወገንኩም፣ ሃገርኩምን ክልልኩምን ጠቓምትን ተጠቀምትን ንክትኾኑ ኣብ ምሽብሻብ ትርከቡ። ስለዝኾነ ድማ ብውልቀ ይኹን ተወዳቢኩም ኣብቲ ዘሎ ሰፊሕ ዝኾነ ናይ ልምዓት፣ ህንፀት ዲሞክራስን ምንጋስ ሰናይ ምምሕዳርን ንጥፈታት ተዋፈርኩም ሃገርኩምን ክልልኩምን ክምእትዋንኡ ዓብይ እምነት ኣለኒ።

እንኳዕ ደስ በለኩም!